# ስራሕ’ዶ ክደሊ ወይስ ሓደ ሙያ ክፍጽም?

## ፒያቲ ምሕጻብ ካብኡ ዳይረክተር ሆቴል? መስቀሊ ክመልእ ካብኡ ሓላፊት ሱፐርማርኬት?

ከምዚ ዓይነት ምዕባለ ሙያ ኣብ ስዊዘርላንድ እውን ይከኣል እዩ፣ ግን ብጣዕሚ ሳሕቲ። በዚ ምኽንያት ትምህርቲ ምምሃር እዩ ዝሓይሽ፣ ይብሉ መንእሰያት ኣንስትን ሰብኡትን፣ ሓደ ሓደ ካብኣቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ነዊሕ ዘይነበሩ እዮም። ንምንታይ ኝሓደ ትምህርቲ ሙያ ክም ዝወሰኑ፣ ኩሎም ነናቶም ምኽንያት ኣለዎም:

*«ኣብ ስዊዘርላንድ ትነብር እንተኼንካ እሞ ትምህርቲ ዘይብልካ እንተ ኮይኑ፣ ብስራሕ ኣብቲ ዘለኻዮ ደው ኢልካ ኢኻ ትተርፍ። ሙሉእ ዕድሜኻ ሓደ ዓይነት ስራሕ ጥራሕ ኢኻ ትሰርሕ።* ***ኣነ ግን ጽቡቕ ስራሕ እየ ዝደሊ፣ ኣብ ስራሕ ሓላፍነት፣ ሙያዊ ምዕባለ ክህልወኒ እየ ዝደሊ።»*** *ኪበር ኣህማደዚ*

*«ኣነ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፈ ብኣካል ይኩን ብሙያ ኣብ ስዊዘርላንድ ክጽንበር እየ ዝደሊ።* ***በዚ ምኽንያት ብሓደ ተግባራዊ ልምዲ ገረ ንሓደ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ዕላማይ ሓልየ እቕረብ ኣለኹ።»*** *ሩት ግርማይ*

*«ገንዘብ ዝረክብ ስራሕ ተሓጋጋዚይ ኮይነ እየ። ብዙሕ ነገር ምስገደሰኒ ኔሩ፣ ግን ሕቶ ንምሕታት ብዙሕ ጊዜ ኣይረኸብኩን። ቅልጡፍን ጽፉፍን ክሰርሕ ኔርኒ።* ***ከም መጠን ተሓጋጋዚይ ብዘይ ትምህርቲ ውሑድ ገንዘብ እየ ዝረኽብኩ ከምኡ ድማ እቲ ትካል እኹል ዝኾነ ጠለብ ክስእን ከሎ ካብ ስራሕ ወጺኤ።*** *ከምዚ ክልተ ጊዜ ኣጋጢምኒ።» ሉዊስ ኔቶ*

***«ከም መጠን ኣስላመይቲ ሰበይቲ፣ ሰራሕትኛ ከም ዝኾንኩን፣ ገንዘበይ ድማ ባዕለይ ሰሪሔ ዘምጽኦ ምዃነይ ከርኢ፣ ኣገዳሲ እዩ»*** *ጉል ኣፍሮዝ ሃይዳሪ*

***«ቅድመ ክእለተይ ክጥቀም ዝኽእለሉ ሙያ እየ መሪጸ።*** *ሕጂ ሓደ ክሰርሕ እየ፣ ገንዘብ እረክብ። ድሕሪኡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሙያ ክመሃር እየ ዝደሊ።» ፕሪቲ ቫዳካዳት*

*«ኣቦይ ንኽመሃር ኣተባቢዑኒ። እሱ ኣብ 60-ታት እዩ ንስዊዘርላንድ ዝመጸ ካብኡ ክም ተሓጋጋዚይ ሰራሕተኛ ኮይኑ ሰሪሑ። ኩሉ ጊዜ ደጊሙ ደጋጊሙ ዝብሎ:* ***ካባይ ዝሓሸ ክትገብር ኣለካ፣ ኩሉ ጊዜ ንኻልኦት ክትሰርሕ የብልካን።»*** *ማሪዩስ ፒንሲኒ*

*«ድሕሪ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ፍልጠት ሙያ ኣለኒ፣ ኣዚ ድማ ስራህ ክደሊ ከለኹ ይተኣማምነኒ እዩ። ገንዘብ ክረክብ እኽእል እየ፣ ነፍሰይ ክኢለ እነብር። ርእሰይ ክቕንዕ እኽእል።* ***ኣብ ሓደ ደረጃ በጺሐ ኣለኹ። ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ንህይወተይ መሰረት እዩ።»*** *ፋርሃን ኣብዲ ኦማር*

ነዞም መንእሰያት ኣንስትን ሰብኡትን ዝበለጸ ክትላለይዎም’ዶ ትደልዩ? ንምንታይ ናይ ግድን ሓደ ትምህርቲ ሙያ ክገብሩ ከም ዝደልዩ ክትርድኡ? ኣብቲ ጽሑፍ ሓበሬታ «ድሕሪ ቤት ትምህርቲ እንታይ ኣሎ?» ስእሎም ክትረኽቡ ትኽእሉ.

## ናይ ዝተወሰና ዓመታት ጻዕሪ –ውጻኢቱ ድማ ሙሉእ ዕድመ ይስምዓካ

*«ኣብ ናይ ብቱን ሸቕት ዝሰርሕ እንተኾይነ፣ ንምንታይ'የ ቛንቋ ኣጸቢቐ ክኽእል ዘለኒ? ኣብ ካሳ ስፐርማርኬታት ብዙሕ ጊዜ ደጊመ ደጋጊመ ነዚ ዘይክእሉ ሰባት እርኢ እየ።»*
ወይ: *«ሂሳብ ምምሃር ንምንታይ የድልየኒ – እዚ ኣብ ህይወተይ ድሕሪ ሕጂ ኣየድልየኒን እዩ።»*
ወይ: *«ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ሙያ ገንዘብ ወይ ኣይረክብን እየ ወይ ድማ ውሑድ ገንዘብ እየ ዝረክብ።»*

መብዛሕታኦም ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክልተ፣ ሰለስተ፣ ወይ ኣርባዕተ ዓመት የሕልፉ። እሳታቶም ሓደ ሙያ ክመሃሩ እዮም ዝደልዩ እምበር ሱቕ ኢሎም ክሰርሑ ጥራሕ ኣይኮኑን ዝደልዩ፣ ንሓደ ናይ ተሓጋጋዚ ስራሕ።

ንሓደ ትምህርቲ ምውሳን ውጽኢቱ ንምሉእ ዕድመ ዝጸንሕ ናይ ስራሕ ህይወት እዩ። ንዓኹም እንታይ እዩ ኣገዳሲ? ከመይ ኢኹም ትውስኑ?

### መጀመርታ ሓደ ትምህርቲ ክገብር

- ☐ ነቲ ቛንቋ እመልኽ ከምኡ ድማ ጽቡቕ ዝኾነ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣለኒ።
- ☐ ዕለታዊ ሓደ ዓይነት ስራሕ ጥራሕ ኣይኮንኩን ዝሰርሕ፣ ለውጢታት ኣለኒ።
- ☐ ኣብ ጉጅለ ሓሳበይ ከቕርብ እኽእል እየ፣ ምናልባሽ እውን ክውስን።
- ☐ ሓላፍነት ይህልወኒ።
- ☐ ሓለፍተይ ንብዙሕ ስራሕ ይኣምኑኒ።
- ☐ ጻዕሪ ክህልወኒ ከለኹ፣ ሓለፍተይ የመስግንዎ እዮም።
- ☐ ነቲ ስርሐይ ባዕለይ ከዳልዎ እኽእል እየ። .
- ☐ ጽቡቕ መሃያ ኣለኒ።
- ☐ ናይ ከፊል እዋን ስራሕ እንተሰራሕኩ ከማን፣ ጽቡቕ ናብራ ንምንባር እኹል መሃያ እረክብ።
- ☐ ሓዱስ ነገር ክመሃር ክደሊ ከለኹ፣ ስርሐይ ክቕይር እኽእል እየ።
- ☐ ኣነ ነቲ ምዕባለ ሙያይ ክምድብን በብስጉምቲ ከኣ ኣብ ስራሕ ከውዕሎ እኽእል እየ።
- ☐ ቀጻሊ ትምህርቲ ክመሃር እኽእል እየ።
- ☐ እንተ ደልየ ካልእ ነገር ክገብር እኽእል እየ፣ ናይ ሙያይ መዳይ ክቕይር እኽእል እየ፣ ሓዲሽ ትምህርቲ ክጅምር እኽእል።

### ብዘይ ትምህርቲ ክሰርሕ

- ☐ ቀልጢፈ ገንዘብ እረክብ።
- ☐ ዕለታዊ ሓደ ዓይነት ነገር እገብር።
- ☐ ስርሐይ ቀሊል እዩ፣ ኣነ ነዚ ስራሕ ቀልጢፈ ተማሂረዮ።
- ☐ ስርሐይ ካብቶም ትምህርቲ ልምዲ ዝገበሩ ምሳርሕተይ ንላዕሊ ንጉልበት ዘድክም ስራሕ እዩ።
- ☐ ምውሳኽ መሃያ ሳሕቲ እየ ዝረክብ።
- ☐ ናይ ስራሕ ቦታ እንተ ቐየርኩ እውን፣ መሃያይ ክብ ኣይብልን እዩ።
- ☐ ናይ ስራሕ ቦታ እንተ ቐየርኩ እውን፣ እቲ ዝረኽቦ ስርሕ ዝማርኽ ኣይኮነን።
- ☐ ካልኦት ኩሎም እንታይ ክሰርሕ ከም ዘለኒ ክነግሩኒ ይኽእሉ እዮም።
- ☐ መብዛሕትኡ ጊዜ ይስልቸወኒ እዩ።
- ☐ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ስለዘይገበርኩ፣ ቀጻሊ ትምህርቲ ክገብር ኣይክእልን ኣየ።
- ☐ እቲ ዘስርሓኒ ትካል ዝወሓደ ጠለብ ዘለዎ እንተ ኾይኑ፣ ካብቶም ዝተማህሩ መሳርሕተይ ቀዲመ ኣነ እየ ካብ ስራሕ ዝስጎግ።
- ☐ ስራሕ ኣልቦ ምስ ኮንኩ፣ ሓድሽ ስራሕ ንምርካብ ብጣዕሚ ጸጋሚ እዩ። ትምህርቲ ንዘይብሎም ብዙሕ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ የለን።